# ሰንበት ዘወረደ (ዘድራር ጾም)
## ፩ መጋቢት 2016 ዓ.ም.(3/10/2024)

**መዝሙር፡** ተቀነዩ ለእግዚአብሔር በፍርሓት... ንእግዚአብሔር ብፍርሃትን ብራዕድን ተገዝእዎ ከመይ ምሕረቱ ንውሉድ ወሎዶን ንዘለዓለምን እዩ። ንሕና ህዝቡ ኢና አብ ቅድሚኡ ብምስጋናን ብምስንዳውን ነመስግኖ።ጾም ንጹም ንብጾትና ነፍቅር ነነሓድሕድና ንፋቐር። ሰንበት አኽብሩ ሰናይ ግበሩ ከመይ ሰንበት ምእንቲ ሰብ እያ ተፈጢራ ምሕረትን ፍትሕን እዝምረልካ አሎኹ እዝምርን መገዲ ሓቂ አስተውዕልን አሎኹ። ምሕረቱ ንውሉድ ወለዶን ንዘለዓለምን እዩ።ንውሉድ ወለዶ ጽድቁ። ንሕና ህዝቡን አባግዕ መጓሰኡን ኢና።

**ንባባት፡** ዕብ 13ኅ7-17፥ ያዕ 4፡6-ፍ፥ ግ.ሓ. 25፡13-ፍ፥ ዮሓ 3፡10-21።

**ምስባክ፡** ተቀነዩ ለእግዚአብሔር በፍርሐት፥ወተሓሰዩ ሎቱ በርዓድ፥አጽንዕዋ ለጥበብ ከመ ኢይትመዐዕ እግዚአብሔር።ንእግዚአብሔር ብፍርሃት አገልግልዎ፥ብርዓድ ከአ ስገዱሉ፥እግዚአብሔር ከይኩሪ ንጥበብ አጽኒዕኩም ሓዝዋ መዝ.2፡11።ቅዳሴ ዘእግዚእነ።

ብስርዓት ሃገርና ካብ ጽባሕ ሰኑይ ጾመ ሕርቃል ንጉስ ይጅምር። እዚ ጾም እዚ ምእንቲ መራሕቲ ሃገር ንጌጋኦም ክምሕሮምን አብ ኩሉ ክሕግዞምን ኢልና ፍሉይ ጸሎት ክነዕርግ ዝሕግዘና እዩ።

ጾም አብ ብሉይን ሓዲስን ኪዳን ይዝውተር ከምዝነበረ ቅዱስ መጽሓፍ ይነግረና። አብ ኢዮኤል 2፡12-18 እንተረኤና ብጾምን ብብኽያትን ብቑዝምን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ አብ እምባ ጽዮን መለኸት ንፍሑ ጾም አውጁ አኽባ ጸውዑ እናበለ ጾም ምስ አምላኽ ክንዕረቕ አፍደገ ከም ዝኸፍተልና ንርኢ። ዮናስ ነብይ ንሰብ ንነውየ ንንስሓ ምስ ዓደሞም ኩሎም ሰብን እንስሳን ንሰለስተ መዓልቲ ካሻን ሓምኹስትን ነስኒሶም እናጾሙ ተነሲሖም ምሕረት አምላኽ ከምዝረኸቡ ነንብብ። እዞም ዝስዕቡ ብዛዕባ ጾም ይዛረቡና ማቴ 6፡16-18፥17፡17=20፥ ሉቃስ 4፡1-2፥ዮናስ 3፡5-10፥ 2ቆሮ 6፡4-5 ዘጽአት 24፡28፥ ዘዳግም 9፡18፥ መዝ 26፡13 ዳንኤል 9፡3፥ 1መቃባውያን 3፡46-47፥ ግ.ሓ. 14፡22 2ቆሮ 11፡27።

አብ ብሉይ ኪዳን ጾም ይዝውተር ከም ዝነበረ ብንጹር ንረክብ። አብ ሓዲስ ኪዳን ዮሓንስ ምስ አርድእቱ ከምኡ ፈሪሳውያን ይጾሙ ከምዝነበሩ ነንብብ። ኢየሱስ ቅድሚ ስብከቱ አርብዓ መዓልትን ለይትን ጾይሙ ከም ዝጀመሮ ወንጌል ይነግረና። ቤተክርስትያን አሰር መምህራ ተኸቲላ ጾም ክዝውተር ተስተምህረና። ዓቢ ጾም ንብዓለ ትንሣኤ ክንሰናዶ ምእንቲ ንጸውም። ሮብዕን ዓርብን ጾመ ድሕነት ኢልና ንጸውም። ጾመ ታሕሣሥ ንልደት መቀራረቢ፥ ጾመ ፍልሰታ ንብዓል ፍልሰታ ማርያም መቀራረቢ፥ ጾም ግሃድ ቅድሚ ልደትን ጥምቀትን ዘለዋ መዓልታት ንጸውም፥ ጾም አብ እምነትና ዓቢ ቦታ አለዎ።

ጾም እንታይ እዩ ትርጉሙ? ንሕና ብፍሉይ ክንጸውም ከሎና እንታይ ክንገብር አሎና? እንታይከ ይጠቕመና? ዘይጾመ እንታይ ይጎድሎ።

ጾም ምስ አምላኽ ፍጹም ውህደት ክህልወካ ምእንቲ እትገብሮ መጋበሪ ጽድቂ እዩ። ካብ እምላኽ ዝፈልየና ነገራት ማለት ሥጋና፥ ዓለም፥ ሰይጣን፥ እምቢ ኢልና አብ አምላኽ ክንቀርብ ኢልና እንጥቀመሉ እዩ። ጾም ምስ አምላኽ ዓሪቑ ምሕረት የውርደልና። ጾም ሕይወትና ክንመልኽ እሞ አብ ቅድስና ክነምርሕ ይሕግዘና። አብ ጊዜ ጾም ሰለስተ ዓበይቲ ነገራት ክንገብር ንግደድ፥

፩ - **ጸሎት፡** ናይ ልቢ ምልዕዓል እዩ። ንመንግስተ ሰማይ ገጽካ ዚገብር ዝኾነ ቆላሕታ እዩ፥ ጸበባን ተሓጓስን ዚሓቍፍ ናይ ምቕባልን ምፍቃርን አውያት እዩ። (ሓ/ት 2558)። ጸሎት ህያብ አምላኽ እዩ፥ ሓሳብካን ሕልናኻን ናብ አምላኽ ገጽካ ምልዓል ወይ ከአ ካብ አምላኽ ሠናይ ነገር ምልማን ማለት እዩ። ጸሎት ኪዳን እዩ። ብልቢ ዝድገም ጸሎት አብ መንፈስ አምላኽ የእትወና። ጸሎት ብክርስቶስ ገቢሩ አብ መንጎ አምላኽን ሰብን ዚፍጸም ናይ ኪዳን ርክብ እዩ። ካብ መንፈስ ቅዱስን ካባናን ዚፍልፍል ሰብአዊ ድላይ ምስቲ ሰብ ዝኾነ ወልደ እግዚአብሔር ተወሃሂዱ ናብ ዝቐንዐ ስራሕ አምላኽን ሰብን እዩ። ጸሎት ሱታፌ(ኅብረት) እዩ። ምስ እግዚአብሔር አቦን ምስ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስን ምስ መንፈስ ቅዱስን ደቂ እግዚአብሔር ዚገብርዎ ሕያውን መሕየውን ዝኾነ ርክብ እዩ።

፪ - **ጾም፡** ንስጋኻ ንስምዒትካ ተቆጻጺርካ አብ ስቓይን ሞትን ክርስቶስ ምስታፍ። ካብ ኩሉ ምቾት ሥጋን ባህግታቱን ንርእስኻ ገቲእካ ፍጹም ተአዝዞ አብ መንፈስ አምላኽ ገርካ ምጉዓዝ እዩ። ንኹሉ ሕማቕ አመል ምቕያር። ርእስኻ መሊኽካ አብ ጎደና ሓርነት ምምራሽ፥ ንኹል ክፉእ እምቢ ኢልካ ምኽአል። ጎ.ኢ..ክ አብ በረኻ ነርብዓ መዓልቲ ጸይሙ። ምስ ሰማያዊ አብኡ ተወሃሂዱ። ጾም ንአምላኽን መገዱን ርኢና ከም እንኽእል ይገብረና።

፫ - **ምጽዋት፡** ፍቕሪ ክብሃል ይክአል። ካብቲ አምላኽ ዝሃበካ ንዋታውን መንፈሳውን ህያባት ንኻልእ ሂብካ ምኽአል። ፍቕሪ ብብዙሕ መንገዲ ክግለጽ ይክአል ማለት ብምሃብ፥ ብምጽላይ፥ አብ ጸገም ካልኦት ብአካል ብምስታፍ ንሰባት ሰናይ ብምግባር። አምላኽ ንኹልና ዝተፈላለየ ህያባት ሂቡና አሎ። ነዚ ዝተዋህበና አብ ፍቕሪ አምላኽን ሓውናን ክነውዕሎ እዩ ተዋሂቡና። ብአኡ ገርና ሰናይ ምኽሪ፥ አብ ንዋታዊ ሓገዝ ዘድልዮ ክንሕግዝ፥ ብኹሉ ንሰባት አብ አምላኽ ፍቕሪ ከምዘሕድሩ ዝገብር ክንገብር ተዋሂብና አሎና። ሓውካ አፍቅር ዝብል ንሓውካ አብ አምላኽ ክበጽሕ ምሕጋዝ ማለት እዩ። እዚ ምጽዋት እዩ ህያብ እዩ፥ ንሓውና ብሓገዝና አፍደገ ሰማይ ንኽፍተሉ በቲ አነ ዝገብሮ ንአምላኽ ክርኢ ይኽእል።

ጾም እምብአር ንአምላኽ ጽን ክንብል ክንሰምዖ ዝሕግዘና ጊዜ እዩ። አብዚ ቅዱስ እዋን አምላኽ ብብዙሕ መንገዲ ይዛረበና ነቲ ካብ አምላኽን ፍቕሪ ሰብን ዝጕልብበና ነገራት ክንቅንጥጥ ሕልናና ክንፍትሽ። ገለ እዋን አምላኽ ብኸማና ዝበሉ ሰባት ገሩ ይዛረበና፥ ብቤተክርስትያኑ ገሩ ይዛረበና፥ ጾም ንሕሹኽታ አምላኽ ክንሰምዕ ጽን እንብለሉ እዋን እዩ።

ፍሉይ መለለዪ ዓቢ ጾም ንስሓ እዩ። ኃጢአት ምእካብ ሕማም ምብዛሕ እዩ። ሕማም ብእዋኑ እንተ ዘይተሓከምና አብ ሞት የብጽሓና ኃጢአትና እንተ ዘይተነሳሕና ኸአ ሞት ነፍሲ የምጽአልና። ሎሚ ብኃጢአትና ተአሚና እነኹ አምላኸይ ተዘከረኒ ዝገበርክዎ ኃጢአት ከቢዱኒ አሎ ዕርቂ ምሳኻ እደሊ አሎኹ ክንብል ከሎና ጾምና ትርጉም አልአ።

አገባብ ጾምና ብግልን ብሓባርን ክኸውን አለዎ።

1. **ብግሊ**፥ ነፍሲ ወከፍ ብግሉ ምስ አምላኽ ክዕረቕ ኃጢአቱ ክእመን እሞ ካብ ሎሚ ንድሓር ኃጢአት፥ ቂም በቐል፥ ንሰብ ክፉእ ምግባር፥ ዝኾነ ካልእ ውድቀት ይአኽለኒ ኢልካ ንስኻን አምላኽካን ዕርቂ ምፍጣር ብግልኻ ንአምላኽ ምርካቡ።

2. **ሓባራዊ ጾም**። ቤተክርስትያን ዝአዘዘቶ ጾም ምጻም። ብማሕበር ብስድራ፥ ብመደብ ፍሉይ መደብ ገርካ አብ ሰናይ ተግባር ምውፋር። ብፍላይ ስድራ ምስ ደቆም ጊዜ ጸሎት፥ አስተንትኖ፥ ሰናይ ተግባር ምግባር፥ መደብ ንስሓ ምግባር፥ ፍሉይ ትምህርቲ

ቅዱስ መጽሓፍ ምዝውታር፥ ብቑምስና ደረጃ ኣብ ዝግበር ፍሉይ መደባት ጸሎት ምክፋል። ኩሉ ብሓባር ንእምላኽ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ፍሉይ ጊዜ ክንህቦ።

ኣብ ዘዳግም 30፡15-20 እዋኑ ምርጫ ኣብ መንጎ ሞትን ሕይወትን ምዃኑ ይነግር። እስራኤላውያን ቅድሚ ምድሪ ተስፋ ምእታዎም ሓዲኡ ክመርጹ ተሓቲቶም፥ ሞት ወይ ሕይወት። እዚ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና እንሕተቶ ዘሎና እውን እዩ፥ እቲ ምርጫ ንእምላኽ ክንመርጽ እዩ። ኣብ ሉቃስ 9፡22-25 ንኢየሱስ ዝኽተል በቲ ንሱ ዝኸዶ ጉዕዞ ዝኸይድ ክኸውን ከም ዝግባእ ይነግረና። ዕለት ዕለት መስቀልና ተሰኪምና ንእምላኽ ክንክተሎ። ክንርእዮን ክንሓስበሉን ዘሎና ነፍስ ወከፍና እንስከሞ መስቀል ኣሎና። ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ኣሓዲስና ክንስከሞ ከሎና ፍሉይ ትርጉምን ጣዕምን ይህቦ። ሕይወትና ትርጉም ዝረክብ ከም ክርስቶስ ክንጉዓዝ ከሎና ጥራሕ እዩ። ንሱ ኸአ ንፍቕሪ ካልኦት ኢልካ ሕይወትካ ምውፋይ፥ ንኻልኦት ዋጋ ሂብካ ምግዳስ፥ ብሓደ መንፈስ ምስራሕ፥ ፍቕርን ርትዕን ብዘለዎ መገዲ ምንባር፥ እዚ እዩ እቲ ሓቀኛ መንገዲ ዓወት ሕይወትና። ሰብ ንምሉእ ዓለም ሒዙ ነፍሱ እንተ ኣጥፍአ እንታይ ዓስቢ ኣልኦ ይብለና መድሓኒና። መምህርና ርእሱ ምእንቲ ካልእ ሂቡ ድሕነት ሂቡና ኣሰሩ ንከተል። ውሽጣውን ግዳማውን ሕይወትና መሊኽና ምስ ኣምላኽ ክንውሃሃድ ሎሚ እዋኑ እዩ።

እምብኣር ጾምና ንስሓና ቅቡል ክኾነልና ብርጉእ መንፈስን ኣብ ተግባር ዝተመርኮሰ ሕልና ሒዝና ንእተዎ ኣምላኽ ብጸግኡ ታትዩ ንቅድስናን ኣብ ሕይወትና ለውጢ ዘምጽእ ጾም ይግበረልና።

ንስሓ ኃጢአትናን ቅድስናን ዘውርድ ጾም ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ